# ምስትምቓር

ብህይወት ክንነብር መታን ክንበልዕን ክንሰትን ይግባኣና።

ተኾነ ግን ነቲ ንበልዖ ደስ ኢሉና ክንበልዖ መታን ክነስተማቕሮ ከድልየና እዩ።

ብመልሓስናጌርናኢናነስተማቕር።



Foto.pixabay.com

# መልሓስ

መልሓስ ፡ ኣብውሽጢ ኣፍ ትርከብ ጭዋዳ ኢያ። መልሓስ ዝተፈላለየ ክፋላት ኣለዋ።ነፍስ ወከፍ ክፋል ከኣ ዝተፈላለየ መቐረት የስተማቕር። ገለ ነገር ኣብ ኣፍና ምስነእቱ ፡ እቲ ኣብ ኣፍና ዝኣተወ ነገር ምስ ምራቕ ይሕወስ።ሽዑ ኣብቲ መልሓስና ዘሎ ዘስተማቕር ክፋል ፡ እንታይ ዓይነት መቐረት ከምዝኾነ ከምዝፍለጠና ይገብር።




Foto: Pixabay.com

Teksten er utarbeidet og oversatt av Nasjonalt senter for flerkulturell utforming
nafo.oslomet.no.

# መቐረት

ኩሉ መግቢ ዝተፈላለየ መቐረት ኣለዎ። ንኣብነት ኣራንሺ ናቱ መቐረት ኣለዎ ፣ ባናና ናቱ መቐረት ኣለዎ ፣ለሚን እውን ናቱ መቐረት ኣለዎ። ገሊኡ ጥዑም ክኸውን ከሎ ገሊኡ መጺጽ ኢዩ።ሓሙሽተ ዓይነት መቐረት ኣሎ። እዚ ኸኣ ሽኮራዊ ፣ መሪር ፣ መጺጽ ፣ ጨዋምን ጥዑምን ኢልና ንገልጾ።ቀጺልና ገለ ኣብነታት ናይ መቐረት ክንርኢ ኢና።

•ሽኮራዊመቐረትኣብካራሜላይርከብ።



Foto.pixabay.com

•መሪርመቐረትኣብቡንይርከብ።



Foto.pixabay.com

•መሪርመቐረትኣብቡንይርከብ።

Teksten er utarbeidet og oversatt av Nasjonalt senter for flerkulturell utforming
nafo.oslomet.no.



Foto.pixabay.com

•ጨዋም መቐረት ኣብ ጨው ይርከብ።



Foto.pixabay.com

•ጥዑም መቐረት ኣብ ቃንጥሻ ይርከብ።



Foto.pixabay.com

Teksten er utarbeidet og oversatt av Nasjonalt senter for flerkulturell utforming
nafo.oslomet.no.


# ኣብ መልሓስና ዝርከብ ዝተፈላለየ መቐረት ነስተማቕረሉ ከባቢ

1. ኣብቲ ቁጽሪ ሓደ ዘመልክተሉ ከባቢ ናይመልሓስና : መሪር ዝኾነ መቐረት ነስተማቕር።

2. ኣብቲ ቁጽሪ ክልተ ዘመልክተሉ ከባቢ ናይ መልሓስና : መጺጽ ዝኾነ መቐረት ነስተማቕር።

3. ኣብቲ ቁጽሪ ሰለስተ ዘመልክተሉ ከባቢ ናይ መልሓስና: ጨዋም ዝኾነ መቐረት ነስተማቕር።

4. ኣብቲ ቁጽሪ ኣርባዕተ ዘመልክተሉ ከባቢ ናይ መልሓስና ፣ ሽኮራዊ ዝኾነ መቐረት ነስተማቕር።




Bilde: Pixabay og NAFO

Teksten er utarbeidet og oversatt av Nasjonalt senter for flerkulturell utforming
nafo.oslomet.no.

## ዕማም 1

ኣብቲ ቀስቲ ዘመልክተሉ ቦታታት እንታይ ዓይነት መቑረት ከም ነስተማቕር ጸሓፍ።

## ዕማም 2

1. ኣየነይቲ ኣብ ኣፍና ትርከብ ክፋል ኣካልና እያ ንኽነስተማቕር ትሕግዘና?

2. እንታይ እንታይ ዓይነት መቑረት ትፈልጥ?

3. ኣብ ለሚን እንታይ ዓይነት መቑረት ይርከብ?

4. ኣብ ኣይስክሬም ንርኽቦ መቑረት እንታይ ይበሃል?

5. መሪር መቑረት ኣበይ ክንረኽቦ ንኽእል?